# ለካቲት 11 ኣብ ኖርወይ በዓብዪ ፅምብል ተኸቢሩ

ህዝቢ ትግራይ ናይ ዘበናት ብሄራዊ ኣድልዎን ወፅዓን ንምውጋድን ፍትሒን ማዕርነትን ዝሰፈነላ ሃገር ንምምስራት እጃሙ ንከውፊ ብረታዊ ተጋድሎ ዝጀመረሉ መበል 35 ዓመት ለካቲት 11 ሰንበት ማርች 7/2005 ዓ.ም ኣብ ሃገረ ኖርወይ ኣብ ከተማ ኦስሎ ብውዕዉዕ ናይ ቃልሲ መንፈስ ተኸቢሩ።

እቲ ባዓል ብዙሓት ተወለድቲ ብሄረ ትግራይን ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ንናይ ኢትዮጵያ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ዘወፈዮ ኣስተዋፅኦ ዝተገንዘቡ ኢትዮጵያውያንን ዝተሳተፉሉ ደማቕን ወነ ቐስቃሲን እዩ ነይሩ።

ብዝኽረ ሰማእታት ናይ ሕልና ፀሎት ዝጀመረ እቲ ፅምብል ብምቕፃልውን ናይ ኬክ ምቑራስን ሽምዓ ምውላዕን ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ሓፀርቲ መደረታትን ገድላዊ ግጥምታትን ብተሳተፍቲን መታሓባበርቲን እናቐረቡ ብዓብዪ ድምቀት ስተኻየደ እዩ ነይሩ።

ቐፂሉውን ተሳተፍቲ እቲ በዓል ንኣስታት 9 ሰዓታት ብገድላውን ባህላዊን ደርፍታት ዝተዛናግዑ እንትኸውን ብተገደስቲ ተዳልዩ ዝቐረበ በብዓይነቱ ባህላዊ ምግቢታትውን ክሳዕ ምዝዛም እቲ ፅምብል ተኣንጊዱ እዩ። እቲ ፅምብል ካብ ህፃናት እስካብ ጎልማሳታት ዝተሳተፍሉ ኣዝዩ ደሚቕን ንቑያ ዘበለን እዩ ነይሩ።

## መልእኽቲ ንህዝብና

ናይ ለብዘበን ባዓል ለካቲት ፍሉይ ዝገብሮ ኣብ ጥቓ መረፃ ሃገራዊን ክልላዊን ተወከልቲ ቤት ምኽሪ ዝባዓልን ጉልሂ ዝኾኑ ናይ ድኽነት ምንካይን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ስራሕቲ ብዓወት ዝተሳለጥሉን ህዝብና ዋሕዋሕታ ቐፃሊ ምዕባለ ዝረአየሉን ምኺኑን እዩ።

እዚ ጥራሕ ግን ኣይኮነን- ለብዘመን ካብ ቃልስኻ ብ77 ዓ.ም ናይ መስመር ምዕራይን ብ93 ዓ.ም ተሃድሶን ዝተጉለሉ ጉርዲታት ፍሉይ ልኡኽ ሒዞም ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ናይ ህዝብና ቀንዲ ተፃባእቲ ናይዝኾኑ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ኣብዝተሳለጠ መረፃ ብግልፂን ቤት ፍርዲ ብዘራጋግፆን መንገዲ ንህዝብና ከም ጓናን ከምዘይዜጋን ቆፂሮም ካብ ካልኦት ከባቢታት ሃገርና ንብረቱ ንዓዓቶም ገዲፉ ብጥራሕ እግሩ ንዓዱ ባዶ ኢዱ ንኽእቱ ኣዝዮም ናይ ዝቐስቀሱ ሓይልታት ተላእኣኽቲ ኮይኖም መስደመም የርእዩና ኣለዉ። ገሊኦም ብሽም መረፃ ኣብ ክልልና እንትቐርቡ ገሊኦም ካዓ ኣብ ወፃኢ ኮይኖም ዘይተገብረን ዘይነበረን በለካ ለኽዓካ ንናይ ወፃኢ መራኸቢ ሓፋሽ ዓዘፍዘፍ ይብሉ ኣለዉ። እሞ ነቶም ሕጋዊ ሽፋን ተጎልቢቦም ዝመፁኻ ተላኣኣኽቲ ስሚዒትካ ዓጊትካ ናይ ባዕልኻ ጉርዲ ፅሩይ እኽሊ ኢልካ ከምዘትሽምት ብናይ መረፃ ካርድኻ ጌርካ ጥራህ ኣርእዮም። ንሳቶም እውን ንስኻ ናይ ባዕልኻ ጉርዲ ፅሩይ እኽሊ ኢልካ ከምዘይትሽምት ይፈልጡ እዮም። ግን ናዓኻ ብመረፃ ሽም እናተንኮዩ ክፋታተኑኻ እሞ ካብ ሓድሓደ ደካማታት ንዝስንዘሮም ስጉምቲ እናጋነኑን እናጠወዩን ናይ ዲሞክራሲ ከይዲ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ክልልና ከምዘየለ ንኽምስሉ ስለዝዓየዩ ዘለዉ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ጥራሕ ሕሳቦም ንኽትህቦም ናይ ውድብካ መምርሒ ተኸቲልካ ከምትኽድ ንታኣማመነልካ ኢና!!!

ዓወት ንወያነ ህዝብና!!!